growing food IN THE CITY

Gardening in Western Washington

ጃርዲን ኣብ ምዕራባዊ ዋሺንግተን

Seattle's climate is cool and wet, with cool dry summers. So heat-loving crops from hotter climates, like tomatoes, corn and peppers, are harder to grow here. But our mild spring, fall, and winter weather allows us to grow cool-loving Asian greens, kale, collards, spinach, and onions year 'round.

Starting Your Garden

Learn in this guide how to:

Choose a place to garden

- You need at least 6 hours of sun – without shade from trees or buildings. Make sure a water supply is close.
- Consider sharing garden space with neighbors, or join a P-Patch or other community garden.

Prepare your soil for planting

- Dig compost into the soil, or bury plant and food scraps.
- Mound up soil into raised beds.

Choose the right seeds to plant

- Grow what your family likes to eat, but choose vegetables that will grow well in our cool weather.
- Plant seeds at the depth and spacing on the seed packet.
- Plant when the soil is warm enough Select seeds that say "80 days" or less to harvest on the seed packet.

➔ **See calendar on back.**

Wait until May 15 to seed or transplant heat-loving plants.

- Tomatoes, peppers and eggplant should be started in a greenhouse, then transplanted to beds in May.

Water and weed your garden

- Seedlings need water daily. Water mature plants 2-3 times a week if it hasn't rained.

Harvest, and prepare garden for winter

- Ask other gardeners when to harvest, or read seed packet.
- Cover beds before winter with mulch, or plant winter cover crops.

ክሊማ ሲያትል ዝሑልን ጥሉልን ኮይኑ፡ ክረምቲ ከኣ ዝሑልን ንቑጽን ኢዩ። ስለዚ ዋዒ-ዝፈትዉ ኣዝርእቲ ካብ ዝወሳዩ ክሊማታት፡ ከም ኮሚደረ፣ ዕፉንን በርበረን፣ ኣብዚ ምብቋል ከቢድ ኢዩ። ግን ማእከላይ ዝኾነ ሓጋይ፡ ጽድያን ቀውዒን ኩነታት ኣየርና ዛሕሊ-ዝፈትዉ ናይ ኤስያ ኣሕምልቲ፣ ኬይል፣ ኮላርድ፣ ስፒናቺን፣ ሽጉርቲን ዓመት ሙሉእ ክነፍሪ ይሕግዘና።

ጃርዲንኩም ምጅማር

ኣብዚ መምርሒ ከመይ ጌርኩም፡

ናይ ጃርዲን ቦታ ከም እትመርጹ ተመሃሩ

- ብዉሑዱ 6 ሰዓታት ናይ ጸሓይ ብርሃን ብዘይ - ጽላል ካብ ኣግራብ ወይ ህንጻታት። ማይ ኣብ ቀረባ ከምዘሎ ኣረጋግጹ።
- ናይ ጃርዲን ቦታ ምስ ጎረባብቲ ብሓባር ከምትሰርሑሉ ኣብ ግምት የእትዉ ወይ ምስ ፒ-ፓች ተጸንበሩ ወይ ካልእ ጃርዲን ማሕበረ-ሰብ።

ሓመድኩም ንምዝራእ ከም እትቕርብዎ ተመሃሩ

- መደኩዒ ኳዓቱ ወይ ድማ ተርፍ መረፍ ናይ መግቢን ኣታኽልቲን ኣብ መሬት ቅበሩዎ።
- ኑቲ ሓመድ ኣብ ብርኽ ዝበለ ዓራውቲ ኮሙሩዎ።

ምምራጽ እቲ ዝትከል ግቡእ ዘርኢ ተመሃሩ

- ስድራኹም ንኽበልዖ ዝፈትዎ ኣፍርዩ ግን ከኣ ኣብ ዝሑል ኩነታት ኣየርና ዝበቁል ኣሕምልቲ ምረጹ።
- እቲ ናይ ዘርኢ ፓኮ ብዘርእዮ ዕምቆትን ዝርገሐን ኣዝርእቲ ትኽሉ።
- እቲ ሓመድ ምዉቕ ምስ በለ ትኽሉ። "80 መዓልታት" ወይ ትሕቲኡ ንምዕጻድ ዝብል ናይ ዘርኢ ፓኮ ምረጹ።

➔ **ዓውደ-ኣዋርሕ ኣብ ድሕሪት ረኣዩ።**

ንምዝራእ ወይ ንምስግጋር ሙቕት-ዝፈትዉ ኣትክልቲ ክሳብ ግንቦት 15 ተጸበዩ።

- ኮሚደረ፣ በርበረን፣ መሌንዛኒን ኣብ ሓምላይ ዝዛ ክጅምሩ ኣለዎም ድሕሪኡ ኣብ ግንቦት ናብቶም ዓራውቲ ይሰጋገሩ።

ጃርዲንኩም ማይ ኣተስትዩን ጽሃዩን

- ኣዝርእቲ መዓልታዊ ማይ ይደልዩ ኢዮም። እንተደኣ ማይ ዘይወቐዑ ዝዓበዩ ኣትክልቲ ንሰሙን 2-3 ጊዜ ኣብ ሰሙን ማይ ኣስትዩዎም።

ምዕጻድን ምቕራብ ጃርዲን ንሓጋይ

- ንኻልኦት ጃርዲን ዘለዎም መዓስ ከም ዝዕጻድ ሕተቱ ወይ ድማ እቲ ናይ ዘርኢ ፓኮ ኣንብቡ።
- እቲ ዓራውቲ ቅድሚ ቀውዒ ብድርቅምቃም ዕንጨይቲ ሽፍንዎ ወይ ድማ ሓጋይ መሸፈኒ ተኽሊታት ትኽሉ።

Questions? Garden Hotline (206) 633-0224 ሕቶታት? ጃርዲን ስሉጥ መስመር

City of Seattle Available in alternate formats on request: (206) 633-0224 TTY: (206) 233-7241

Printed on recycled paper *Growing Food: Gardening in Washington* – **English/Tigrinya** ©2010 Seattle Public Utilities, rev. 3/12

Choose a Place to Garden

Where is there sun?

Most vegetables need at least six hours of direct sunlight a day to grow well. Watch where the sun shines on your yard, and pick the sunniest spots to garden. Trees or buildings can block the sun, especially in spring or fall. A south-facing wall will warm quickly in the spring, and be good for heat-loving plants like tomatoes and peppers in summer.

Where can you grow?

Turn sunny lawn areas into garden by removing and composting the sod. Or to kill the lawn by covering it with 12 inches (30 cm) of wet fall leaves in November. Cover the leaves with cardboard or black plastic. Wait until May to dig up the area and start planting.

Build raised beds. Mix soil with compost. Mound the soil up into a raised bed to help the soil warm in spring. Plan paths between beds so you never walk on your loose, compost-amended soil. You can add sides to your raised beds made from concrete blocks, broken concrete, wood or plastic lumber. Don't use chemically treated wood.

Try gardening in containers. You can use large pots or half-barrels to grow tomatoes, peppers, greens, even berries.

Grow vertically on a sunny wall or in a window. Climbing plants like beans, tomatoes and cucumbers will grow if you provide good soil and poles for support.

Share with a neighbor, or join a community garden! Seattle's P-Patch program can help you find a community garden near where you live. They are great places to grow food, learn, and meet other gardeners.

ንጃርዲን ቦታ ምረጹ

ጸሓይ ኣበይ ኣላ?

ሙብዛሕትኦም ኣሕምልቲ ጽቡቕ ንኽዓብዩ ብዉሑዱ ሹዱሽተ ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ቀጥታዊ ናይ ጸሓይ ብርሃን የድልዮም። ኣብ ካንሸሎኹም ጸሓይ ኣበይ ከም እተብርህ ተዓዘቡ፡ እቶም ኣዝያ እተብርሃሎም ቦታታት ከኣ ምረጹ። ኣግራብ ወይ ህንጻታት ብፍላይ ኣብ ጊዜ ቀውዒን ጽድያን ጸሓይ ክጋርዱ ይኽእሉ ኢዮም። ኣብ ጊዜ ቀውዒ ንደቡብ ዝጥምት መንደቕ ቀልጢፉ ይውዕይ፡ ስለዚ ነቶም ሙቕት-ዝፈትዉ ኣታኽልቲ ከም ኮሚደረን በርበረን ኣብ ጊዜ ክረምቲ ጽቡቕ ይኸውን።

ኣበይ ክተዕብዩ ትኽእሉ?

ነቲ ሓመድ ብምልጋስን ብምዱካዕን **ጸሓይ ዝረኽቦም ናይ ሳዕሪ ቦታታት ናብ ጃርዲን ቀይርዎ** ። ወይ ድማ ነቲ ናይ ሳዕሪ ቦታ ብ12 ጫማ (30 ሴ.ሜ) ጥሉል ናይ ሓጋይ ኣቑጽልቲ ብምሸፋን ቅተልዎ። ነቶም ኣቑጽልቲ ብናይ ፓኮ ወረቕት ወይ ጸሊም ጎማ ሽፍንዎም። ነቲ ቦታ ንምኺዕትን ንምዝራእን ክሳብ ማንቦት ተጸበዩ።

ብርኽ ዝበሉ ዓራውቲ ስርሑ። ሓመድ ምስ ዱኽዒ ሓውስዎ። መታን ኣብ ጊዜ ጽድያ ነቲ ሓመድ ክውዕይ ንኽሕግዞ ነቲ ሓመድ ኣብቲ በሪኽ ዓራት ኮሙሩዎ። መታን ነቲ ፎኪስ፡ ብዱኽዒ-ዝተመሓየሸ ሓመድ ከይትረግጽዎ ኣብ መንጎ እቶም ዓራውቲ መንገዲ ቀይሱ። ነቶም በረኽቲ ዓራውቲ ካብ ሲሚንቶ ወይ ስብርባር ሲሚንቶ ዝተሰርሑ፡ ዕንጨይቲ ወይ ናይ ፕላስቲክ ጣዋሉ ኣብ ጎኖም ክትውስኹሎም ትኽእሉ ኢኹም። ብኬሚካል ዝተፈወሰ ዕንጨይቲ ኣይትጠቀሙ።

ኣብ መቕመጢታት ጃርዲን ክተንብሩ ፈትኑ። ኮሚደረ፣ በርበረ፣ ኣሕምልቲ፣ ከምኡ'ውን ፍረታት ክተብቁሉ ዓቢይቲ ዓታሩ ወይ ኣብ ፍርቂ ዝተመቕሉ ፍስቶታት ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

ጸሓይ ኣብ ዝወቕዖ መንደቕ ወይ መስኮት **ንትኹል ኣብቁሉ።** ዝሓኹሩ ኣታኽልቲ ከም ባልዶንጋ፣ ኮሚደረን፣ ኩከንበርን፣ ጽቡቕ ሓመድን መደገፊ ዕንዲታትን እንተጊርኩምሎም ይቦቕሉ ኢዮም።

ምስ ጎረቤት ተኻፈሉ፡ ወይ ኣብ ናይ ማሕበር-ሰብ ጃርዲን ተጸንብሩ! ፕሮግራም ፒ-ፓች ሲያትል ኣብ ጥቓ እትነብሩሉ ቦታ ናይ ማሕበረ-ሰብ ጃርዲን ንኽትረኽቡ ክሕግዘኩም ይኽእል ኢዩ። እዚኣም መግቢ ንምዕባይ፡ ንምምሃርን ካልኦት ጃርዲን ዝገብሩ ሰባት ንምርካብ ኣዝዮም ጽቡቕት ቦታታት ኢዮም።

Testing your soil for lead or other contamination
Soil near old houses with peeling paint, or next to streets or in industrial areas may have lead, arsenic, or other contamination.

Call the Garden Hotline to find out where to get your soil tested, or to get a copy of WSU's *Gardening on Contaminated Soils*. If you suspect that your soil is contaminated, build a raised bed and add 8 inches (20 cm) of fresh soil with compost.

ምምርማር ሓመድኩም ካብ ዓረርን ካልእን ብከላ
ሓመድ ጥቓ ኣረግቶት ዝዘውቲ ቀለሞም ዝቕለጥ ዘሎ ወይ ጥቓ መንገዲታት ወይ ኣብ ከባቢ ፋብሪካታት ዘለዉ ናይ ዓረር፣ ኣርሰኒክ፣ ወይ ካልእ ብከላ ክህልወም ይኽእል ኢዩ።

ኣብ ጃርዲን ስሉጥ-መስመር ደዊልኩም ሓመድኩም ኣበይ ከተመርምርዎ ከምእትኽእሉ ኣረጋግጹ ወይ ቅዳሕ ናይ WSU *ኣብ ዝተበከለ ሓመድ ጃርዲን ምግባር* ርኸቡ። እንድሕር ደኣ ሓመድኩም ተበኪሉ ኢዩ ኢልኩም ጠርጢኩም፡ ብርኽ ዝበለ ዓራት ሰሪሕኩም 8 ጫማ (20 ሴ.ሜ) ሓዲሽ ሓመድ ምስ ዱኽዒ ግበሩሉ።

Prepare Soil for Planting

Compost is decomposed plants (leaves, grass, dead plants) and food waste. Compost helps soil holds nutrients and water to grow healthy plants. You can make your own compost from grass clippings, leaves, sod, weeds, plants and food wastes, or you can buy compost. You can also bury food waste in the garden, or chop and drop plants.

Mulch is any material you spread on top of the soil, to conserve water, control weeds, and slowly feed the soil as it decomposes. Good mulches for gardens include fall leaves, plant and grass clippings, straw, coffee hulls, or compost.

Mix compost into your garden soil.

Dig to loosen the soil 8 to 12 inches deep (20-30 cm) with a shovel or garden fork. Spread compost 2 or 3 inches deep (5-8cm). Then mix the compost into the soil.

Or bury food and plant waste at least 6 inches (15 cm) deep to compost.



Soil for container growing

Mix one part compost with two parts sandy soil. Drainage in containers can be improved by adding a larger material like pea gravel or medium bark. You can also buy pre-mixed "potting soil." If you have old potting soil in containers, you can add about 1/4 compost to freshen it for a new growing season.

Buying fertilizer? Look for "organic".

While vegetables get most of the nutrients they need from compost, a complete "organic" (from natural sources) fertilizer can speed their growth. Look for "organic vegetable fertilizer" or fish fertilizer at your garden store.

Get a soil test to discover other nutrient needs. Washington soils may need lime every few years, which adds calcium and reduces acidity. Mix about 4 pounds (1.5 kg) of lime into soil per 100 square feet (9.3 square meters). Ask the Garden Hotline where you can send your soil sample for a test that will tell you about lime and other nutrient needs.



ሓመድ ንምትካል ቀርብዎ

ዱኾሚ ዝመሽመሸ ኣትክልቲን (ኣቐጽልቲ፣ ሳዕሪ፣ ዝሞቱ ኣትክልቲ) ተረፍመረፍ መግቢን ኢዩ። ዱኾሚ ሓመድ መኣዛታትን ማይን ብምዕቃብ ጥዑያት ኣትክልቲ ንኽዕብይ ይሕግዞ። ካብ ቁርጽራጽ ሳዕሪ፣ ኣቐጽልቲ፣ ሳዕሪ፣ ጻህያይ፣ ኣትክልቲን ተርፍመረፍ መግቢን ናይ ገዛእ ርእስኹም ዱኾሚ ክትሰርሑ ወይ ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም። ተረፍመረፍ መግቢ ኣብ ጃርዲን ክትቀብሩ ወይ ኣትክልቲ ቆሪጽኩም ክትድርብዩ ትኽእሉ ኢኹም።

ድርቅምታም ዕንጨይቲ ዝኾነ ነገር ማይ ንምዕቃብ፡ ንምቁጽጻር ጻህያይ ከምኡ'ውን እንዳመሽመሸ ክኸይድ ከሎ ነቲ ሓመድ ዝምግብ ኣብ ልዕሊ ሓመድ ትንስንስዎ ኢዩ። ጽቡቕ ድርቅምታም ዕንጭይቲ ንጃርዲን ናይ ቀውዒ ኣቐጽልቲ፣ ናይ ተኽሊን ሳዕሪን ቁርጽራጽ፣ ሓሰር፣ ናይ ቡን ቅራፍ ወይ ዱኾሚ የጠቓልል።

ዱኾሚ ኣብቲ ናይ ጃርዲንኩም ሓመድ ሓውስዎ።

ብባዴላ ወይ ናይ ጃርዲን መስአ ጊርኩም ካብ 8 ክሳብ 12 ጫማ (20-30 ሴ.ሜ) ዕምቀት **ብሙኺዓት ነቲ መሬት ኣለስልስዎ።** ዱኾሚ 2 ወይ 3 ጫማ (5-8 ሴ.ሜ) ዕምቀት ነስንስዎ። ብድሕሪኡ ነቲ ዱኾሚ ኣብቲ ሓመድ ሓውስዎ።

ወይ ናይ መግቢን ተኽሊን ጉሓፍ ንኽዱካዕ ብዉሑዱ 6 ጫማ (15 ሴ.ሜ) ቅበርዎ።

ኣብ መቕመጢታት ንምብቋል ዘድሊ ሓመድ

ሓደ ኣፍ ዱኾሚ ምስ ክልተ ኣፍ ሑጻዊ ሓመድ ሓውሱ። ምትሕልላፍ ማይ ኣብ መቕመጢታት ክንዲ ዓተር ዝኾኑ ኣእማን ወይ ማእከላይ ልሕጺ ብምውሳኽ ክመሕየሽ ይኽእል ኢዩ። ኣቐዲሙ ዝተሓወሰ "ናይ ዕትሮ ሓመድ" ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም። እንድሕር ኣረጊት ናይ ዕትሮ ሓመድ ኣብ መቕመጢታት ኣለኩም ንሓዲሽ ናይ ምብቋል ወቕቲ ¼ ዱኾሚ ሓዊስኩም ክተሕድስዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ዱኽሚ ክትገዝኡ ደሊኹም? "ኦርጋኒክ" ዝብል ረኣዩ።

ዋላ እኳ ኣሕምልቲ ሙብዛሕትኡ ዝደልይዎ መኣዛታት ካብ ዱኾሚ ይረኽቡ እንተኾኑ፡ ሙሉእ "ህይወታዊ" (ካብ ባህርያዊ ምንጪታት) ዱኾሚ ዕብየቶም ክቀላጥፎ ይኽእል ኢዩ። ኣብቲ ናይ ጃርዲን ዕዳጋ "ህይወታዊ ናይ ኣሕምልቲ ዱኽሚ" ወይ ናይ ዓሳ ዱኾሚ ዝብል ድለዩ።

ኣድላዪ ካልእ መኣዛ ንምድህሳስ ነቲ ሓመድ ኣመርምርዎ።
ናይ ዋሺንግተን ሓመድ ላይም፡ ካልሲየም ዝውስኽን ኣሲድነት ዘጉድልን፡ ኣብ ቆቁሩብ ዓመታት የድልዮ ይኽውን ኢዩ። ኣስታት 4 ፓውንድ (1.5 ኪ.ግ) ላይም ን100 ትርብዒት ጫማ (9.3 ትርብዒት ሜትሮ) ሓመድ ሓዉሱሉ። ሓመድ ላይምን ካልእ መኣዛ ከምዘድልዮ ንምምርማር ኣበይ ክትሰድዎ ከም እትኽእሉ ንናይ ጃርዲን ስሉጥ-መስመር ሕተቱ።

Plant the Right Seeds, at the Right Time

Choose plants that grow well in our cool climate.

Grow what your family likes to eat, but choose varieties of vegetables that will grow well in our cool, wet spring weather and cool, dry summers.

When to plant

Seeds need soil warm enough to sprout – typically at least 50-60°F (10-16°C). You can wait until the soil warms in May, or use a plastic cover to warm it more quickly.

Read seed packets for planting dates, and choose ones that say “80 days” or less to harvest. Peas and potatoes can be planted in March, but leafy greens should wait until April, and heat-loving crops like corn until late May.

Or buy seedling plants of heat-loving, long-season tomatoes, peppers, and eggplant, to transplant into the garden in late May. You can also grow them yourself from seeds planted indoors in March, in containers in a sunny window.

➔ **See the Calendar on back page.**

Planting seeds

Read the seed packet for planting depth and time. Tiny seeds like lettuce, carrots, and collards can be scattered on the prepared soil surface, then covered with a thin layer of compost or soil. Don’t plant these tiny seeds too deep! Larger seeds like peas, corn, and squash can be pushed with your finger one at a time into the prepared soil, at the depth and spacing described on the packet. Then water slowly to deeply moisten the soil.

Transplant heat-loving plants from greenhouse to garden in late May.

Make a hole as wide the seedling’s roots. Add compost or a sprinkle of fertilizer. Spread roots out, and gently push soil in around the roots. Water well. Plant at the same depth as the plant was in the pot at the greenhouse.

Water young seedlings regularly. Cover and protect seedling plants from extreme heat or cold until they are strong.

እቶም ጉቡኣት ኣዝርእቲ፡ ኣብቲ ጉብኤ ጊዜ ትኽሉ

ኣብ ዝሑል ክሊማና ጽቡቕ ክቦቕሉ ዝኽእሉ ኣትክልቲ ምረጹ።

ስድራኹም ንኽበልዖ ዝፈትዎ ኣፍርዩ ግን ከኣ ኣብ ዝሑል፡ ጥሉል ናይ ቀውዒ ኩነታት ኣየርን ዝሑል፡ ንቐጽ ክራማት ክቦቕሉ ዝኽእሉ ዓይነታት ኣሕምልቲ ምረጹ።

መዓስ ከምዝትክል

ኣዝርእቲ ንኽጭብጭቡ ምዉቕ ሓመድ ይደልዩ - ብዉሕዱ 50-60°F (10-16°C)። እቲ ሓመድ ኣብ ግንቦት ክሳብ ዝመውቕ ክትጽበዩ ትኽእሉ ወይ ድማ ፕላስቲክ መሸፈኒ ብምጥቃም ቀልጢፍኩም ክተሙቕዎ ትኽእሉ።

ፓኮታት ናይ ዘርኢ ኣንቢብኩም፡ ንዕለታት ምትካል እቶም “80 መዓልታት” ወይ ትሕቲኡ ንምዕጻድ ዝብሉ ምረጹ። ባልዶንጋን ድንሽን ኣብ መጋቢት ክዝርኡ ይኽእሉ ኢዮም፡ ግን ቆጻላት ኣሕምልቲ ክሳብ ሚያዝያ ክጸንሑ ኣለዎም፡ ከምኡ ድማ ሙቕት-ዝፈትዉ ኣታኽልቲ ከም ዕፉን ክሳብ መወዳእታ ግንቦት።

ወይ ፈልሲታት ናይ ሙቕት-ዝፈትዉ ናይ ነዊሕ-ወቕቲ ኮሚደረ፣ በርበረን፣ መሌንዛኒን ኣብ መወዳእታ ግንቦት ናብ ጃርዲን ክተስግርዎም ግዝኡ። ነዞም ፈልሲታት ባዕልኹም ካብ ዘርኢታት ኣብ ውሽጢ ገዛ ኣብ መቐመጢታት ጥቓ ጸሓይ ዝረኽቦ መስኮት ብምትካል መጋቢት ክተፍልስዎም ትኽእሉ ኢኹም።

➔ **ዓውደ-ኣዋርሕ ኣብ ድሕሪት ገጽ ረኣዩ።**

ምትካል ኣዝርእቲ

ንዑምቀት ምትካልን ጊዜን ናይቲ ናይ ዘርኢ ፓኮ ኣንብቡዎ። ደቀቕቲ ኣዝርእቲ ከም ሳላጣ፣ ካሮቲን፣ ኮላርድን ኣብቲ ዝተዳለወ ሓመድ በቲንካ ቁሩብ ዱኽዒ ወይ ሓመድ ኣብ ልዕሊኦም ምንስናስ። እዞም ደቀቕቲ ኣዝርእቲ ኣዕሚቕኩም ኣይትትከልዎም! ፍሩያት ኣዝርእቲ ከም ዓተር፣ ዕፉንን፣ ዱባን፣ በብሓደ ብኢድኩም ኣብቲ ዝተቐረበ ሓመድ ከምቲ ኣብቲ ፓኮ ተገሊጹ ዘሎ ዕምቆትን ዝርገሐን ጌርኩም ክትቀብርዎም ትኽእሉ ኢኹም። ብድሕሪኡ ነቲ ሓመድ ክተርሕስዎ ቀስ ኢልኩም ማይ ኣስትይዎ።

ሙቕት-ዝፈትዉ ኣትክልቲ ካብ ሓምላይ ገዛ ናብቲ ጃርዲን ኣብ መወዳእታ ግንቦት ኣሲጋግርዎም።

ክንዲቲ ሰራውር ናይቲ ፈልሲ ዝኸውን ጉድጓድ ኮዓቱ። ዱኹዒ ፈይ ኣብሉሉ፡ ነቶም ሰራውር ዘርግሕዎም፡ ቀስ ኢልኩም ሓመድ ኣብ ከባቢ እቶም ሰራውር ግበሩ። ጽቡቕ ጌርኩም ማይ ኣስትይዎ። እቲ ዐምቀት ኣተኻክላኹም ልክዕ ከምቲ ኣብ ሓምላይ ገዛ መፍለሲ ቦታ ዝነበረ ክኸውን ኣለዎ።

ሓደስቲ ፈልሲታት ኣብ እዋኑ ማይ ኣስትይዎም። እቶም ዝተተኽሉ ፈልሲታት ካብ ክቱር ዋዒን ዛሕሊን ብምሽፋን ተኽላኽሉሉም።

Thin and space plants – give them room to grow.

Follow the spacing directions on the seed packet. After seeds sprout and have a few leaves, thin (remove) seedlings to that spacing. You can also transplant seedlings from crowded areas to areas that aren't full. This will ensure that plants have enough room to grow, and give you a bigger harvest. You can eat the little plants you pull as salad.

ኣታኽልቲ ኣብ ቀጢን መስመር ጌርኩም ኣረሓሕቕዎም – ንኽዓብዩ ቦታ ሃብዎም።

ኣብቲ ናይ ዘርኢ ዘሎ መምርሒ ምርሕሓቕ ተኽተሉ። ድሕሪ ኣዝርእቲ ምጭብጫቦምን ቁሩብ ኣቐጽልቲ ምግባሮምን፡ ናብቲ ዝግባእ ምርሕሓቕ ኣቕጥንዎም (ኣልግስዎም)። ፈልሲታት ካብቲ ጽዑቕ ቦታ ናብቲ ዘይጽዑቕ ቦታ ክተስግርዎም ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኽኣ እቶም ኣታኽልቲ ንምዕባይ እኹል ቦታ ከም ዝረኽቡን ዝያዳ ምህርቲ ከምዝህቡኹም የረጋግጽ። እቶም እትእከብዎም ኣታኽልቲ ከም ሳላጣ ክትበልዕዎም ትኽእሉ።

Succession planting

Plant more seeds every few weeks as long as the weather is warm, so that your harvest will continue into the fall. But don't plant cool-loving crops like peas and spinach in hot July weather. Plant fall cool crops in August to early September.

ኣከታቲልካ ምትካል

ኩነታት ኣየር ሙዉቕ ክሳብ ዘሎ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ቁሩብ ሳምንታት ዝያዳ ዘርኢታት ትኽሉ መታን እቲ ምህርቲኹም ክሳብ ቀውዒ ክቕጽል። ዛሕሊ-ዝፈትዉ ዘርእታት ከም ዓተርን ስፒናቺን ግን ኣብቲ ዉዑይ ናይ ሓምለ ኩነታት ኣየር ኣይትትከልዎም። ናይ ቀውዒ ኣታኽልቲ ኣብ ነሓሰ ክሳብ መጀመርታ መስከረም ታኽልዎም።

Rotate crops

Some crops get diseases that stay in the soil for a year or more. And some crops use up soil nutrients quickly. **To avoid problems, rotate (move) crop families to a different bed each year.** ➔

ኣታኽልቲ ኣዘዋውሩዎም

ገለ ኣታኽልቲ ንሓደ ዓመት ወይ ልዕሊኡ ኣብ ሓመድ እንተ ጸኒሖም ሕማም የጥቕዖም። ገለ ኣታኽልቲ ድማ መኣዛታት ሓመድ ቀልጢፎም ይውድእዎ። **ጸገማት ንምእላይ፡ ዓይነታት ተኽሊ ነብሲ-ወከፍ ዓመት ኣብ ዝተፈላለየ ዓራት ኣዘዋውርዎም (ኣልግስዎም)።** ➔



Example

1st Year:
- Bed A Tomato
- Bed B Onion
- Bed C Cabbage

2nd Year:
- Bed A Cabbage
- Bed B Tomato
- Bed C Onion

3rd Year:
- Bed A Onion
- Bed B Cabbage
- Bed C Tomato

ኣብነት

1ይ ዓመት:
- ዓራት ሀ ኮሚድረ
- ዓራት ለ ሽጉርቲ
- ዓራት ሐ ካውሎ

2ይ ዓመት:
- ዓራት ሀ ካውሎ
- ዓራት ለ ኮሚደረ
- ዓራት ሐ ሽጉርቲ

3ይ ዓመት:
- ዓራት ሀ ሽጉርቲ
- ዓራት ለ ካውሎ
- ዓራት ሐ ኮሚደረ

Other vegetable families that benefit from changing locations each year:

cilantro carrot parsley

beet chard spinach

corn wheat teff

cucumber melon squash

lettuce radicchio endive

pea bean clover

These families can all be planted together with the tomato, cabbage, and onion families.

ነብሲ-ወከፍ ዓመት ካብ ምቕያር ቦታ ዝጥቀሙ ካልእ ቤት-ሰባት ኣሕምልቲ፡

ሲላንትሮ ካሮቲ ፐርሰሜሎ

ቀይሕ-ሱር ቻርድ ስፒናቺ

ዕፉን ስርናይ ጣፍ

ኩከምበር ብርጭቕ ዱባ

ሳላጣ ራዲቺዮ ኣንዲቨ

ዓተር ባልዶንጋ ክሎቨር

እዚኣም ዓሌት ዘርኢ ብሓንሳብ ምስ ዓሌት ኮሚደረ፣ ካውሎን፣ ሽጉርቲን፣ ክትከሉ ይኽእሉ ኢዮም።

Water your garden

Check your garden daily in hot summer weather. Water before vegetables droop, or when the soil feels dry 2 inches (5 cm) down. In cooler, rainy spring and fall you'll only need to water young seedlings. Direct water to the plant roots. Use a watering wand, or in flat areas lay out a soaker hose between rows and cover it with mulch. Water enough to moisten the whole root zone – dig a few inches down to see if the soil is moist. Plants in containers dry out more quickly than in the garden. Always water in the evening or early morning, to avoid evaporation waste and prevent wet plant damage from the mid-day sun.

ጃርዲንኩም ማይ ኣስትይዎ

ኣብ ክረምቲ ሙቕት ክኸውን እንከሎ መዓልታዊ ጃርዲንኩም ርኣይዎ። ኣሕምልቲኹም ከይቆምሰለ እንከሎ፣ ወይ መሬት ነቐጹ ኾይኑ እንተ ተሰሚዕኩም 2 ኢንች (5 ሴ.ሜ) ጥልቀት እንተሃለዎ ማይ ኣስትይዎ። ኣብ ዝሑል፡ ጽድያን ቀውዒን ግን ነቲ ውልዶ ፈልሲታት ጥራሕ ኣስትይዎ። ክትስትዩ እንከለኹም ናብቲ ሱር ጥራሕ ኣስትዩ። መስተይ ዝንጊ ወይ ኣብቲ ለጥ ዝበለ ቦታታት ከኣ መጠልቀይ ጎማ ኣብ መንጎ መስመራት ተጠቒምኩም ብድርቅምቃም ዕንጨይቲ ጌርኩምም ሸፍንዎ። ናይቲ ሱር ቦታ ምእንቲ ጠሊ ክህልዎ ጽቡቕ ጌርኩም ኣስትይዎ-ቁሩብ ኩዕት ኣቢልኩም እቲ መሬት ጠሊ እንተ ሃለዎ ርኣይዎ። ኣብ መቕመጢ ዘለዉ ኣትክልቲ ካብ ኣብ መሬት ዘለዉ ኣትክልቲ ቀልጢፎም ይነቕጹ። ማይ ከይሃፍፍ ወይ ንብናይ ፍርቂ-መዓልቲ ጸሓይ መባላሽው ዝጠልቀየ ኣትክልቲ ክትከላኹሉ ምእንቲ፡ ኩሉ ጊዜ ኣጋምሽት ወይ ንግሆ ማይ ኣስትዩ።

Control weeds and pests

Spread mulch (leaves, grass clippings) **and pull weeds** before they go to seed.

Most bugs are good bugs that help control pests. Learn which bugs are problems, and how to control them.

Don't use chemical pesticides. They can poison your family and birds, pets, and fish. Call the Garden Hotline to identify pest or weed problems, and learn about non-toxic solutions.

ጸህያይን ባልዓትን ምክልኻል

ድርቅምቃም ዕንጨይቲ ምንስናስ (ቆጽሊታትን፣ቁራጽ ሳርዕሪታትን) **ከምኡውን ጽሃይያ ኣልግስዎ** ቅድሚ ኣብ ዘርኢ ምኻዱ።

መብዛሕቶም ሓሳኹ ዝየጓድኡ ሓሳኹ እዮም ንምቁጽጻር ባልዓት ከኣ ይሕግዙ። ኣየኖት ሓሳኹ ዝጓዱኡ ምኺኖምን ከመይ ጌርኩም ከምእትቆጻጽረዎምን ኣፍልጦ ይሃልኹም።

ከሚካል ዘለዎ ጸረባልዕ ኣይትጠቐሙ። እዚ ንስድራኹም፣ ኣዕዋፍ፣ እንስሳታትን ዓሳሱን ከምርዘልኩም ይኽእል እዩ። ኣየኖት ባልዕ ወይ ጸህያይ ሓደገኛታት ምኺኖም ክትፈልጡን ብዛዕባ መርዛም ዘይኮነን መፍቲሒታት ክትመሃሩን፡ ኣብ ናይ ጃርዲን ስሉጥ-መስመር ደውሉ።

Garden All Year

Our climate is cool and wet in spring and fall, and usually above freezing in winter. So heat-loving plants like corn are hard to grow, but cool-loving plants are easy.

Extend your season with cold-hardy crops. Bok choi, kale, collards, broccoli, carrots, leeks, and garlic can be planted in late summer or early fall to grow for harvest all winter or in spring.

➔ See the Calendar on back page.

Grow under cover. Start spring plants in a greenhouse or "cold frame," or extend fall growth with a plastic cover.

ምሉእ ዓመት ጃርዲን ግበሩ

ኣብ ጽድያን ቀውዒን ክሊማና ዝሑልን ጥሉልን እዩ፡ ከምኡውን መብዛሕቱ ግዜ ኣብ ሓጋይ ልዕሊ ቆራሪ ክሊማ እዩ። ስለዚ ከም በዓል ዕፉን ዝኣመሰሉ ዋዒ-ዝፈትዉ ኣታኽልቲ ንምፍራይ ብርቱዕ እዩ፡ ግን ዛሕሊ-ዝፈትዉ ኣታኽልቲ ንምፍራይ ቀሊል እዩ።

ምስ ናይ ዛሕሊ-ዝፈትዉ ዘርእታት ወቕትኹም ኣናውሕዎ። ባከቾይ፣ ኬል፣ ኮላርድ፣ ካሮቲ፣ ቆጽጣን፣ ሽኑርቲ-ጸዕዳን ኣብ ሓጋይ ወይ ኣብ ጽድያ ምእንቲ ክኣኽሉ፡ ኣብ መወዳእታ ክረምት ወይ ኣብ መጀመርታ ሓጋይ ክዝርኡ ይኽእሉ እዮም።

➔ ዓውደ-ኣዋርሕ ኣብ ድሕሪት ገጽ ረኣዩ።

ሽፈንኩም ኣዕብይዎም። ናይ ጽድያ ኣታኽልቲ ኣብ ሓምላይ ገዛ፣ ወይ ኣብ "ዝሑል ሳንዱቕ፣ ወይ ንቕውዒ ክቦኾሉ ንምንዋሕ ብፕላስቲክ ብምሽፋን ጀምርዎ።

Plant berries and other plants that grow for many years Add these plants to your landscape wherever there's sun: blueberries and strawberries, artichokes, asparagus, even dwarf fruit trees or grapes. Ask the Garden Hotline about best varieties for our climate.

ንብዙሕ ዓመታት ዝቦኾል ፍረታት(berries) ወይ ካልእ ዓይነት ኣታኽልቲ ዝርኡ ኣብቲ ጸሓይ ዝለዎ ቦታታት ናይ ቅርጺመሬትኩም፡ ብሉበሪ፣ ስትሮበሪ፣ ኣርቲቾክ፣ ኣስፐራጉስ፣ ዋላ ድንኪ ፈረ ዘውጽኡ ኣግራብ ወይ ተኽሊ ወይኒ ዝኣመስሉ ትኽሉ። ነዚ ክሊማ ዝስማማዕ ዝበልጸ ዓነታት ተኽሊታት ንምፍላጥ ኣብ ናይ ጃርዲ ስሉጥ- መስመር ደውሉ።

Harvest and Share!

Harvest vegetables before they go to seed. See seed packets for "days to maturity" and photos of ready-to-harvest plants, or ask gardeners at your local community garden about when to harvest.

Share your harvest. If you have more than you can eat, share with neighbors or call the Garden Hotline or see the P-Patch and Lettuce Link websites on back to learn about where to donate food.

Saving seeds is easy with most green leafy plants. Just hang the mature seed stalk to dry. Fruiting plants like tomatoes and squash often cross-breed, so saved seed may not produce good fruit. Call the Garden Hotline to learn more about saving seed, or any garden question.

ዝራእን ተማቐልን!

ኣሕምልቲ ዝራእ ቅድሚ ፈረ ምኺኖም። "ንመዓልታት ምእንቲ ክበቕሉ" ናይ ፈልሲ ፓኮ ርኢ፡ ስእሊ ናይ ክሕፈስ-ዝተቐረበ-ኣታኽልቲ ወይ ከኣ መዓስ ምህርቲ ከምዝሕፈስ ኣብ ከባቢኹም ማሕበረ-ሰብ ዘለዉ ጃርዲን ዘለዎም ሰባት ክትሓቱ ትኽእሉ።

ዘራእትኹም ምክፋል። ካብቲ ትበልዕዎ ንላዕሊ እንተ ኣለኩም ምስ ጎርባብትኹም ተማቐልዎ፡ ወይ ከመይ ጌርኩም ፍረታትኩም ከም እተበርከቱዎ ንምፍላጥ ናይ ጃርዲን ስሉጥ-መስመር ደውሉ ወይ ኣብ ድሕሪት ዘሎ ናይ ፒ-ፓችን ሰላጣን መራኽቢ መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ።

ፈልሲታት ምዕቃብ ናይ ቀጠልያ ቆጽሊ ዘለዎም ኣታኽልቲ ቀሊል እዩ። ናይቲ ዝዓበየ ዘርኢ ቃንጫ ክነቅጽ ጽጥሕዎ። ከም ኮመደረን ስኳሽ ዝኣመሰሉ ኣታኽልቲ ዝተዳቐሉ ኣታኽልቲ ኢዮም፡ ስለዚ ዝተዓቐረ ዘርኢ ጽቡቕ ምህርቲ ኣይህብን እዩ። ብዛዕባ ጃርዲን ወይ ፈልሲ ምዕቃብ ሕቶ እንተ ኣለኩም ጃርዲን ዘለዎም ሰባ ወይ ኣብ ስሉጥ-መስመር ደዊልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ።

Prepare Gardens for Winter

Fall is time to clean up the garden, compost dead plants, and protect your garden from winter weeds and from rainfall washing soil away.

Cover crops are usually legumes like clover, planted in October to grow through the winter. They protect the soil, and provide nutrients when you dig them into the soil before planting in spring.

Winter mulches should cover any soil areas not planted with overwintering crops or cover crops. Collect fall leaves and spread them 2-3 inches deep to cover exposed soil. You can also chop dead plants and spread them on the soil.

ንሓጋይ ጃርዲን ምቕራብ

ቀውዲ ናይ ጃርዲን ምጽራይ፣ ዝሞቱ ኣታኽልቲ ምዱኻዕ፣ ከምኡውን ጃሪዲንኩም ካብ ናይ ቀውዲ ጻህያይን ካብ ፍግረመሬትን ናይ ምክልኻል ግዜ እዩ።

መሸፈኒ ዘርእታት መብዛሕቱ ጊዜ ናብ ሓጋይ ንኽቦቕሉ ኣብ ጥቅምቲ ዝተዘርኡ ከም ክሎቨር ዝኣመሰሉ ኣሕምልቲ እዮም። እዚኣም ነቲ ሓመድ ይከላኸልዎን ኣብ ጽድያ ክትዘርእ ክትኹዕት እንከለኻ ነቲ መሬት መዓዛታት ይኾኑዎ።

ናይ ሓጋይ ድርቅምቃም ዕንጨይቲ ንኹሉ ናይ ሓመድ ቦታታት ብናይ መከላኸሊ ተኽሊ ኣብ ቀውዲ ወይ መሸፈኒ ምህርቲታ፡ ጌካ ክሽፈን ኣለዎ። ነቲ ጋህ ኢሉ ዘለ ሓመድ፡ ዝረገፉ ኣቐጽልቲ ብምእካብ ካብ 2-3 ኢንች ዝዕምቆቱ ጌርኩም ሸፍንዎ። ዝሞቱ ኣታኽልቲ ብምቐራጽ እውን ክሽፈን ይከኣል እዩ።

Composting returns nutrients back to the soil. Chop up old garden plants, along with grass clippings and fall leaves, to build your compost pile. Choose a shady spot, and moisten materials as you build your pile.

Or bury food scraps (to keep animals away) under garden beds all winter to improve the soil.

You can also learn how to compost kitchen scraps in a rodent-resistant worm bin. Weeds and diseased plants, along with dairy or meat scraps from the kitchen, should go into the City's yard-and-food-waste collection for hot composting.

In spring, you can use your compost or buy compost to enrich your soil for another year of growing.

ምዱኻዕ መዓዛታት ኣብ ሓመድ ይመልስ። ናትካ መደኩዒ ኩምራ ንኽትሰርሕ ዝኣረገ ናይ ጃርዲን ኣታኽልቲ ቆርጽካ ምስ ቁራጽ ሳዕሪን ውዳቕ ቆጽሊ ትእከብ። ጽላል ዝኾነ ቦታ መረጽ፡ ኩምራኻ እናሰራሕካ ክትከድይ እንከለኻ ነቲ ዝኣከብካዮ ጠሊ ከምዝሃርሞ ግበር።

ተረፍመረፍ ምግቢ እውን ክትቀብር ትኽእል (እንስሳታ ምርሓቕ) ሓመድ ንምምሕያሽ ምሉእ ሓጋይ ኣብ ትሒት ናይ ጃርዲን ዓራት ቅበሮ።

ናይ ኩሽነት ተረፍመረፍ መግቢ ንምዱኻዕ ኣብ እንስሳታት-ዝጸውር ናይ ሓሰኻ መርቢል ብኽመይ ከምዝግበር ክትመሃር እውን ትኽእል ኢኻ። ጽሃያይን ሕማም ዛኣተዎም ኣታኽልቲን ምስ ናይ ጸባ ምህርቲታት ወይ ተርፍ ስጋን ዝኣመሰለ ምእንቲ ብውዑይ ክዱኻዕ፡ ኣብ ናይታ ከተማ ናይ ካንሸሎ-ን-ተረፍ-መግቢን ዝእከበሉ ቦታ ክኽይድ ኣለዎ።

ኣብ ጽድያ፡ ዱኾኒኹም ክትጥቀሙ ትኽእሉ ወይ ነቲ ዝመጽ ናይ ተኽሊ ዕመት ሓመድኩም ንምልማዕ ድኾኒ ትገዝኡ።

Easy Crops for Beginner Gardeners

ቀሊል ኣታኽልቲ ንጀመሪ ጃርዲን

plant seed = **P** = ተኽሊ ምትካል transplant seedlings = **T** = ዘርኢ ምስግጋር harvest = **H** = ምህርቲ

	Jan	Feb	March	April	May	June	July	August	Sept	Oct	Nov	Dec
	መጋቢት	ሚያዝያ	ጉንበት	ሰነ	ሓምለ	ንሓሰ	መስከረም	ጥቅምቲ	ሕዳር.	ታሕሳስ	መጋቢት	ሚያዝያ
Cool hardy ዝሕሊ ዝፈትዉ			P Peas H→					P ዓይኒ-ዓተር H→ .				
			T P Lettuce, Spinach				H→	P ሳላጣ፣ ስፒናቺ .				
			P Potatoes				ድንሽ	H				
			T Onions P	H→			ሽጉርቲ	P	H→ .			
			P Bok Choi				ቦክ ቾይ	H→ .				
Heat Lovers ሙቕት ዝፈትዉ				P Beans P			ባልዶንጓ	H→ .				
				T Tomatoes			ኮመደረ	H→ .				
				P Squash, Cucumber			ስኳሽ፣ ኩከምበር	H→ .				
				P Cilantro			ሲላንትሮ	H→ .				
				P Corn			ዕፉን	H				
Over–Wintering ኣብ ሓጋይ-ዝደቅሉ	→		H	P Beets				H	P	ቀይሕ-ሱር		→
	→	H		P Kale, Collards, Chard			H→ .		P	ኬል፣ ኮላርድ፣ ቻርድ	H	→
	→	H		P Cabbage			H→ .		P	ካውሎካቡቺ	H	→
	→		Garlic		ሽጉርቲ-ጻዕዳ	H				P		→
	→		Leeks		ቆስጣ	H				P		→

Learn More about Gardening

ብዛዕባ ጃርዲን ፍለጡ

Questions? Call The Garden Hotline (Seattle Public Utilities) free brochures on soil, composting, watering, pest control, and more. Language interpretation available.	**206-633-0224** ኢ-መይል *help@gardenhotline.org* www.gardenhotline.org	**ሕቶታት? ናይ ጃርዲን ስሉጥ መስመር** ነጻ ሓጺር መግለጺ ጽሑፍ ብዛዕባ ሓመድ፣ ምዱኣዕ፣ ማይ ምስታይ፣ ምቁጽጻር ባልዕ፣ ከምኡውን ካልእ ተውሳኺ። ኣተርጎምቲ ቋንቋ ኣለዉና።
-Patch Program of Seattle's Department of Neighborhoods provides community garden spaces in many neighborhoods, at low or no cost. Translated classes. Everyone is welcome.	206-684-0264 ኢ-መይል *p-patch.don@seattle.gov* www.seattle.gov/neighborhoods/ppatch	ፕሮግራም ፒ-ፓች ናይ ስያትል ክፍሊ ከባቢታት ብዝሓሰረ ዋጋ ወይ ብጥርሑ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት፡ ናይ ማሕበረ-ሰብ ቦታ ጃርዲን የቕርብ። ዝተተርጎሙ ትምህርቲታት። ኩሉ ሰብ ክካፈል ዕዱም እዩ።
Seattle Parks classes, community gardens	www.seattle.gov/parks/pufs	ትምህርቲታት፣ ናይ ማሕበረ-ሰብ ጃርዲናት
City of Seattle's Food website	www.seattle.gov/food	ከተማ ስያትል - መግቢታ
Find a garden space to share	www.urbangardenshare.org	ቦታ ጃርዲን ተካፈሉ
Urban farming news and resources	www.urbanfarmhub.org	ዜና ሕርሻን ምንጪታትን
WSU Extension Master Gardeners	http://gardening.wsu.edu	ሰብ ሞያ ጃርዲን
Lettuce Link information on gardening, sharing harvests, and *Gardening for Good Nutrition*	www.solid-ground.org/programs/nutrition/lettuce	ሓበሬታ ብዛዕባ ጀርዲንን ምህርቲታት ምክፋልን
Seattle Tilth provides classes, demonstration gardens, volunteer opportunities, and *The Maritime Northwest Garden Guide*	www.seattletilth.org	ትምህርቲታት፣ ምርኢት ብዛዕባ ጃርዲን፣ ዕድላትን ንወለንትነት።

City of Seattle

Local Hazardous Waste Management Program in King County, WA

LHWMP_0117_TI

Created by Seattle Public Utilities with Department of Neighborhoods' P-Patch Program and Seattle Tilth
Printed on recycled paper *Growing Food: Gardening in Washington* – **English/Tigrinya** ©2010 Seattle Public Utilities, rev. 3/12